# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.216 | ሓሙስ 9 ግንቦት 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ኵነታት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ



ገጽ 3
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?




ገጽ 4
ንባብ ንዕዉት ሂወት



ገጽ 5
ስኣን'ታ ጭረም ወረቐት



ገጽ 7
ሓሬናን ክንፍን ዓወት ኣመዝጊበን




# ብምኽንያት ቅነ ናጽነት፡ ናብ ተመሃሮ ዝቐንዐ ባህላዊ ምርኢት ቀሪቡ


ስእሊ - ኣኽሊሉ ዘርእዝጊ

ብምኽንያት መበል 33 ዓመት ቅነ ናጽነት፡ "ውሕስነት ሰላም ብመኸተ" ብዝብል ቴማ፡ ብ7 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣብ ኣስመራ - ሜዳ ባሕቲ መስከረም፡ ናብ ተመሃሮ ዝቐንዐ ባህላዊ ምርኢት - 'ኮንሰርት' ቀሪቡ።

እዚ ካብ ማእከላይ ደረጃ ክሳብ ኮሌጃት ዝርከቡ ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ መደብ፡ እናኣዘናግዐ ዘምህር ደርፍታት ምስ ትልሂታቱ፡ ዋዛታት፡ ሜሎ ድራማን ካልእን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ሰዓት 5፡00 ድሕረ-ቀትሪ ዝጀመረን ንልዕሊ ክልተ ሰዓታት ዝቐጸለን መደብ፡ ብጉጅለታት ባህሊ ኣሰርን ኮዋኽብቲ ሪምን ከምኡ'ውን ብጉጅለ ትልሂት ሜራብ ናይ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ዝቐረበ መዚቃዊ ምርኢት፡ ብዓዊት እዮብን ጉጅለኡን ዝተዳለወ ኮሜዲ ቀሪቡ።

ካብ ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ መደብ ስሩዕ ጥበበኛ ፍጹም የውሃንስ እቲ ምርኢት ኣካል መደባት ጽምብል መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት ምዃኑ ብምሕባር፡ ንዕዙዝ ተሳታፍነት ተመሃሮ ንኢዱ።

ተመሳሳሊ ምርኢት፡ 11 ግንቦት ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ 17 ግንቦት ድማ ንዘበርቲ 13 ምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት ኣስመራ ክቐርብ ምዃኑ ተፈሊጡ።

መደባት ጽምብል መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ብ27 ሚያዝያ ብዝቐረበ፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ 5ይ ክፍሊ ዝርከቡ ቈልዑ ዝተሳተፍዎ ምርኢት 'ኮንሰርት' እዩ ፈሊሙ።

ብ7 ግንቦት ዝተኸፍተ ቅነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ - ክሳብ 20 ግንቦት ከምዝቕጽል፡ ኮማዊ ዳሳት ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት - ካብ 20 ክሳብ 23 ግንቦት ከምዝእንገድ እውን ተፈሊጡ።

# ሃማመተኤ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ንመንእሰያት ሰሚናር ወዲቡ

ሃማመተኤ ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ካብ 20 ሚያዝያ ክሳብ 2 ግንቦት፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት በሪክ፡ ጋሉፍሕን ሰረጀቓን ንተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃን መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ሰሚናራት ኣካዪዱ።

እቲ ብጉዳይም ተጋደልቲ ዝተዋየደ ሰሚናራት፡ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ኣብ ዘካየዶ ቃልሲን ዝኸፈሎ መስዋእትን፡ ከምኡ ድማ ሱኣእምሮኣዊ ኩናትን መኸተ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ዝብሉ ኣርእስትታት ዘተኮረ እዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ደራሲ መጽሓፍ 'ስርሒት ኮማንዶ ቅያ 18 ደቓይቕ' ስነጥበበኛ ሰለሙን ድራር፡ ንቕያን ጅግንነትን ኤርትራውያን ኮማንዶ ዝትርኽ መደብ ዋርሳ ንተመሃሮ ኣካዪዱ።

ኣካየድቲ ሰሚናር፡ ተመሃሮን መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ተረኪቦም ሕድሪ ብምዃኖም፡ ታሪኾም መንነቶምን ብዝያዳ ፈሊጦምን ወሪሶምን ናብ መጻኢ ወለዶ ከመሓላልፉ ኣዘኻኺሮም።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ኣገዳስነት ናይ'ቲ ሰሚናር ኣብ ምትሕልላፍ ታሪኽን ምውርራስ ተመኩሮን ተረዲኦም ቀጻሊ ብዘኸኣለ ኣገባብ ክወሃብ ተላብዮም።





ስእሊ - ፍያሜት መስፍን

# ኣብ ዓዲ-ኳላን ናቕፋን ማይን ሓመድን ናይ ምዕቃብ ስራሓት ይሰላሰል

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዓዲ-ኳላን ናቕፋን ህዝቢ ብሱቡሞያ እናተመርሐ - ሰፊሕ ናይ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ንጥፈታት የካይድ ኣሎ።

ተቐማጦ 22 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ዓዲኳላ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጀሚሮም ኣብ ናይ ሕርሻ ቦታታትን መጋሆጊታትን ዝትግብርዎ ዘለዉ መደብ ኣከባቢ ኣብ ምርጋእን ሃብቲ ገረብ ኣብ ምስሳንን ዕዙዝ ኣገዳስነት ከምዘለዎ - ክኢላ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣቶ ወልደሚካኤል ፍስሃ ገሊጹ።

ወኪል ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ምሕረትኣብ ሰበሉ ብወገኑ፡ በቲ ኣብ ሰሙን ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ምፍዋስ ማይ ኩዖታትን ምድልዳል ናይ ሕርሻ መሬትን ኣትኪሉ ዝቕጽል ዘሎ ስራሕ፡ ዛጊት 675 ሄክታር ሕርሻዊ ዛላ ብእምኒ፡ 214 ሄክታር ሕርሻዊ ዛላ ብሓመድ፡ ከምኡ'ውን ኣብ 100 ሄክታር ኩትሪ ከምእተሰርሐ ሓቢሩ።

ብተመሳሳሊ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ባቕላ - ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ብጉንታታት ተወዲቦም ዘሰላስልዎ ዘለዉ ስራሓት ዛላታትን ኩትርታትን ኣብ ምውሓስ ማይ-ኩዖታትን ምርጋእ መሬትን ኣገዳሲ ኣበርክቶ ከምዘህልዎ እምነቶም ገሊጾም።

ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢን ኣኪያዲ ስራሕን እቲ መደብ ኣብ ናይ ሕርሻ ቦታታት ይትግበር ከምዘሎን ቀጻሊ ከምዝኸውን ሓቢሮም።

# ሓሳባት

4ይ ክፋል

ሲራክ ክፍለ

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ብዛዕባ ሕብረተሰብ፡ ማሕበራዊ ኣምራትን ሓሳባትን፡ ምዕራባዊ-ሰልጣንን ዓቃባዊ ዝንባለ ምዕራባውያን ክኢላታትን፡ ማስረት ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት ዝኾነ ምዕራባዊ ባህልን ክብርታትን፡ ሰብኣዊ መሰል ብኣመለኻኽታ ለበራላውያን ገለጸና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ-*

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

### ሰብኣዊ መሰላት ብኣመለኻኽታ ጸጋማውያን

ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ፡ ድሕሪ ሰውራ ፈረንሳ፡ ዓቃባውያን ነቲ ናይ ቀደም ስርዓት ስልጣን ህድኣትን ዘረጋግጽ ስርዓት ብምባል ነቲ ንኑሳዊ ስርዓታት ክቕጽል ወይ ክምለስ ጎስጊሶም የጋይዱ ነይሮም። ብኣንጻሩ እቶም ለውጢ ዝደልዩ ሳዕለዋይ ቀጸላ ሳልሳይ ደርቢ ዘኸምታዊ ለውጢ ዝእምት ሓሳባትን ጽሑፋትን ይጠልቡ ነበሩ።

ካርል ማርክስ (1818 - 1883)፡ ኣቡታ ብሞዚሉ ድሕሪቲን ኾነ ከም ዘመናዊት ሃገር ዘይቆጸራ ዝነበረ ጀርመን ተወሊዱ፡ ምስ ጎበዘ ኣብ ሃገሩ ዝነበረ ድሕረት ኣተሓሳስባ ምቕባል ኣበዩ፡ ኣብ መበል 25 ዕድሚኡ ብ1843፡ ናብታ ባይታ ሓሳባትን ምዕባለን ዝነበረት ፈረንሳ ተሰዲዱ። ሰውራዊ ሃዋህው ፈረንሳ ተሰማሚዕዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ 1847 “ናይ ፍትሒ ሊግ” (The League of the Just)፡ ዝበሃል ውድብ ንማርክስን መተሓባበርቱ ፍሪደሪክ ኤንግለስን “ኮሚኒስት ማኒፌስቶ” ንክጽሕፉ ማዘዙዎም።

ማርክስ ኣብ ኮሚኒስት ማኒፌስቶ፡ ናይ ታሪኽ ቀንዲ ደራኺ ደርባዊ ቃልሲ ምዃኑ፡ ርእሰማልነት ከኣ በቲ ባዕሉ ዝፈጠሮ ደርቢ ሸቃሎ ከም ዝስዓር ገሊጹ። ነቲ ኣብ ግዚኡ ጠገለ ስኢኑ ዝነበረ ዘይምዕሩይ ፍልልይ ኣታዊታትን መነባብሮን ሓፋሽን ሳዕለዎት ደርብን ኣብ ግምት ብምእታው ከኣ፡ ድሕሪ ምፍራስ ርእሰማልነት ዝትከል ማሕበራዊ ስርዓት ማጠናዊ ውልቃዊ ፍልልይ ዘፍቅድ ግን ደርባዊ ፍልልይ ዘጥፍእ ክኸውን እዩ ኢሉ ተተንቢዩ። ማርክስ ብዘልዕሎም ዝነበረ ሱር በተኽ ዝጽውዑ ሓሳባትን ለውጥታትን፡ ኣብ ፈረንሳ’ውን ቅሱን ኣይረኸበን፡ ጸኒሑ ከኣ ንለንደን፡ ዓዲ እንግሊዝ ብምኻድ፡ እቲ ዝለዓለ ኣበርክቶኡ “ርእሰማል” (Capiatl) ጽሒፉ።

ማርክስ ሓደ ካብቶም ዓሚቑን ሰፊሕን ሓሳባት ዘቕረቡን ብጥልቀት ኣቃውማን ዝምድናታትን ማሕበረሰባት ዝገለጹን ዓበይቲ ፈላስፋታት ዓለምና እዩ። ናይ ማርክስ ትንቢት፡ ምድምሳስ ርእሰማልነት ብመራሕነት ሸቃሎ ኣይተተግበረን። ይኹንምበር ማርክስ ርእሰማልነት መጠናዊ ምምዕራያት ንኽጌብር ዓቢ ተራ ከም እተጻወተ ኣየጠራጥርን። ኣብ ኤውሮጳ ዝማዕበለ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታትን ታሕተዎት ደርብን ብቐንዱ ድሕሪቲ ማርክስ ዘልዓሎ ሱር በተኽ ሓሳባት እዩ። ሎሚ ኣብ ምዕራብ ኤውሮጳ ዘለዎ ሶሻል ደሞክራሲ ሰልፍታት ዝጠዙላ ማስረትተን ኣብ ገለ እዋን ማርክሳውያን እዮም ነይሮም።

ጸጋማውያን ጹሩፍቲ ክሳብ ሎሚ፡ ንማሕበራዊ ዝምድናታት ብደርባዊ ቃልሲ መልክዕ እዮም ዝርእይዎ። ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ግን ንሕብረተሰብ ብቐሊሉ ላዕለዋይ/ታሕተዋይ ደርቢ ወይ ሸቃላይ/ብርጆዋ ኢልካ ምግላጹ እኹል ኣይኮነን።

ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ብዙይካ ንብረትን ኣታዊታትን ንማሕበረሰባት ብማብቆል፡ ጾታ፡ ሕብሪ ቀርበት፡ ጆግራፊ፡ ደረጃ ቁጠባዊ ምዕባለን ካልእን ዝፈላልዩዎ ብዙሓት ክብራት ኣለው። ንብረትን ኣታውን ልዑል ኣገዳስነት እኳ እንተለዎ፡ ንኹሉ ሃገር ብኡ ምርዳእን ምግላጽን ሓጋዚ ኣይኮነን።

### ጽልዋ ዘመን መራኸቢ-ብዙሓንን ኣክቲቪስትን

ኣብዚ ዘለናዮ እዋናት ብዙሓት ናይ ወጻእን ወሽጥን ጋዜጠኛታትን ኣክትቪስትን ዝጽሕፍዎ ኣብ ጸቢብ ወይ




ዝንበዕ ትርጉም “ሰብኣዊ መሰላት”፡ “ደሞክራሲ” ዝምርኮሱ ፖለቲካዊ መልእኽቲ ስለ ዘለዎ ጥንቃቐ ይሓትት።

ሰብኣዊ መሰላት፡ ኣገዳሲ ድልየት/ጠለብ ውልቀሰባትን ድሕሪት ዝተረፉ ማሕበራዊ-ጉጅለታትን ምዃኑ ኣቐዲምና ርኢና። ካብ ህዝቢ፡ ብህዝቢ፡ ንህዝቢ ዝሰርሕ ስርዓት፡ ወይ ብሓጺሩ ደሞክራሲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ’ውን ኣይዘንጋዕን። ኣብ ዝመጽእ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ ዝቐርብ ዓቢ ክፋል እውን ብዛዕባ ምሕደራን ደሞክራሲን እዩ። ሎሚ ኣብ ዓለምና፡ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላትን ደሞክራሲን ይብዝሕ ደውሓድ ኣፍልጦ ዘይብሉ ሰብ የለን ክበሃል ይከኣል።

ሰብኣዊ መሰላትን ደሞክራሲን ክጡሓሱ እንከለው፡ ኣብ ጭቡጢ ዝተመርኮሰ ሃናጺ ነቐፌታን መኣረምታን ምቕራብ፡ ንኹሉ ማሕበረሰብ ኣገዳስነቱ ኣነኣእሶ ክርኢ ይኹን ክግለጽ ኣይግባእን። ኣብዚ ዘለናዮ እዋናት ንሰብኣዊ መሰላትን ደሞክራሲን ንሰርሕ ኢና ዝብሉ ዘይመንግስታዊ ትካላት (NGO) ቁጽሪ የብለንን። ብዙሓት ካብኣተን ከኣ ናይ ብሓቂ ነቲ ቁይምናሉ ዝብልኦ ዕላማ ዘይትካሉ፡ ማስረትተን ከም ዝኾነ ንጉዳዊ ትካልን ምንጪ ኣታዊን እዮም ዝጥቀሙለን። ብሓጺሩ ከምዚኣን ዓይነት ዘይመንግስታዊ ትካላት ናይ “ፖለቲካ ሸቃጦ” ክንብለን ንኽእል። ዝኾነ ንጉዳዊ ትካል ንፍርያቱ ምንጪ ቀረብ፡ ዕዳጋን ዓደግትን ከድሊ ንቡር እዩ። እዚም ንደሞክራሲ ደዩ ሰብኣዊ መሰላት ብዝብል ስም ዝቐሙ ፖለቲካዊ ሸቃጦ ከኣ፡ ደሞክራሲ ወይ’ውን ሰብኣዊ መሰላት ክሽጡ ‘ደሞክራሲ ዝጎደሎ’ ማሕበራዊ-ጉጅለ ወይ ሃገር፡ ‘ሰብኣዊ መሰላት ዝተጋህሶ’ ውልቀሰብ፡ ማሕበራዊ-ጉጅለ፡ ወይ ማሕበረሰብ (ሃገር) ክረኽቡ ወይ ክፈጥሩ ኣለዎም።

ምስ ናይ ፖለቲካ ሸቃጦ ተሓባበርቲ ንሓድሕዳዊ ረብሓ ዝሰርሑ ኣብ ፈቐድኡ ዝጥፉ ኣነቓቓሕቲ ወይ “ኣክቲቪስት” ኣለው። ካብቶም ንጹሃት ንለውጥን ምዕባለን ዝሰርሑ ኣክትቪስት ብንጹር ክንፈልዮም ናይ “ፖለቲካ ሸቃጦ ኣክቲቪስት” ንበሎም። መብዛሕትኦም ግዜ እቶም ናይ “ፖለቲካ ሸቃጦ” ኣብ ናይ ምዕራብ ሃገራት ኣብ ልዑል መንግስታዊ ትካላት ወይ ናይ ረድኤት ትካላት ንዓሰርተታት ዓመታት ዝሰርሑ ኮይኖም፡ ኣብ ሃገርም ተፈላጥነትን ተቐባልነትን ዘለዎም ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣብ ዓበይቲ መራኸቢ ብዙሓን’ውን ተሰሚዕነት ዘለዎም እዮም። ኣብ መንግስታዊ ትካላት ምዕራብ እናሰርሑ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ደዩ ኣብ ካልእ ከበባታት ብዙሕ ዝሸሑን ኣድላዪ ዝኾነም ርክባት ዝመስረቱን ብምዃኖም ይውሓድ ይብዝሕ ሓበሬታ ንምእካብ ዝሸገሮም ኣይኮኑን። ብዙሓት ካብዘን ናይ “ፖለቲካ ሸቃጦ” ትካላት፡ ንናይ ዩኒቨርሲቲ መማህራንን ፍሉጣት ሰባትን ብቐጥታ ደዩ ብዘዘዋዋሪ ብምኽፋል፡ ኣካል መርበብ ትካላተን ብምግባር ሚዛናን ዓበይ ከምዝርኣ ደምጽን ደማ በርኹ ከምዝኸዋ ይገብራ።

ከምዚኦም ዓይነት ናይ “ፖለቲካ ሸቃጦ” ንሃገራት ኣፍሪቃ፡ ብመንጽር ንረብሓና ዝተሓብሩ ወይ ኣንጻር ረብሓና ዝሰርሓ ብዝመስል ረቛሒታት ኣብ ክልተ ይኸፍልወን። ነተን ረብሓኦም ዝሕልዋ ሃገራት፡ ‘ደሞክራሲ’ መታን ክተኽላ፡ ‘ሰብኣዊ መሰል’ መታን ከኽብራ ‘ሓገዝ’ ክግበረለን ኣለዎ ብምባል፡ ኣብ ሃገርምን ካልእን ጎስጊሶ የጋይዱ። ‘ሓገዝ’ ኣብ ዝተረኽቦ እዋን ነቲ ‘ሓገዝ’ ከመሓድሩ፡ ካልእ ተወሳኺ ‘ሓገዝ’ ዘድልዮ መዳያት ‘ከጽንዑ’ ሚልዮናት ካብቲ ‘ሓገዝ’ ኣብ ናይ ባንኪ ሕሳቦም ይኣቱ። ኣብተን ዝተሓባበራ ሃገራት ናይ “ፖለቲካ ሸቃጦ ኣክቲቪስት” ብምጭምጫሕ ኣብ ባይታ ተሓባበርቲ ይዝርኡ። ነተን ንረብሓና ኣይሰርሓን እየን ዝበልዎን ሃገራት ከኣ ከም ቀንዲ ‘ጸረ-ደሞክራሲ’፡ ‘ሰብኣዊ መሰላት ዝግህሳ’ ጌይሮም ብምቕራብ፡ ክሳብ ናብ ዕልዋ መንግስቲ ዝዓለመ ጎስጊሶ የጋይዱ። ሎሚ ዝተረፈ ይመስል’ምበር ኣብ ገለ እዋናት ክሳብ መራሕቲ ሃገራት ምቕታል ዝኸይድ ተግባር ብምስጠር ይሰርሑ ነይሮም እዮም። ኣብዚ ኣዕናዊ ዕላማኦም’ዚ ዜጋታት እተን ሃገራት ከም ናይ “ፖለቲካ ሸቃጦ ኣክቲቪስት” ኮይኖም ክሰርሑ ይምልምሉ፡ ኣዕናዊ ስርሒት ንኸካይዱ ይውድቡ፡ የተባብዑን ይኸፍሉን።

ናይ “ፖለቲካ ሸቃጦ”ን ናይ “ፖለቲካ ሸቃጦ ኣክቲቪስትን” ብሓባር ደዩ በበይኖም፡ ልምዳዊ መራኸቢ-ብዙሓንን ማሕበራዊ-ሚድያን ምስእ ብምልኡ ተቖጻጺሮም ረብሓኦም ዝሕሉ ናይ ሓሶት-ወረ ከምዝዝርጋሕ ንምግባር ይጽዕቱ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ተግባራት ናይ ፖለቲካ ሸቃጦን ተሓባበርቶምን ከኣ እቲ ቀንዲ ዝኸሰር ህዝቢ እዩ። ብኸመይ?

ኣብ ኣፍሪቃ ከምቲ ምዕራባውያን ዝደልይዎ ሊበራል ደሞክራሲ ይኹን ደሞክራሲያዊት እትበሃል ሃገር የላን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዓለም ብምልኡ’ውን ሊበራል ደሞክራሲያዊት እትበሃል ሃገር የላን። እዚ ኮይኑ ግን፡ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ኣብ ምትካል ጸቢቕ ምዕባለ ዘመዝገባ ሃገራት ኣለዋ። ኣብ ብዙሕ ከበባታት ኣፍሪቃ’ውን ደሞክራሲ ንኽድልድልን ክሰፍሕን ዝሰርሑ መንግስታትን ኣክቲቪስትን ኣለው። ናይዚም ናይ ፖለቲካ ሸቃጦ ተግባራት እምበኣር፡ ነቶም ናይ ብሓቂ ንምዕባለ ደሞክራሲ ዝሰርሑ ዕንቅፋት እንተዘይኮይኑ ሓጋዚ ኣይኮነን።

ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ሳዕሊ ከም ዝተንትናናዮ፡ “መሰል” ብቐሊል ዝግለጽ ነገር ኣይኮነን። ዝኾነ ናይ ምዕራብ ሃገር ይኹን ወይ ናይ ፖለቲካ ሸቃጦ ንሕና (ሃገርና) ካባኹም (ሃገርኩም) ንሓይሽ ክብልሉ ዘኽእሉ ሃገር’ውን ኣይኮነን። ኖርወጃውያን፡ ኣመሪካውያን፡ ኤርትራውያን ብምሉኦም ብማዕረ ዝረኽብዎ “መሰል” የለን። ብውልቂ ደረጃ ሓደ ኣብ ኤርትራ ዝነብር ኤርትራዊ ካብ ሓደ ኣብ ኣመሪካ ዝነብር ንጸለ ጸለም ኣመሪካዊ ንላዕሊ “መሰሉ” ዝተማልአ ኣድልዎ ዘይግበረሉ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ፖሊስ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መሰል ሰብ ኣብ ምሕላው ዘለዎም ተራ ብዘምልክት፡ ብኹሉ ኣመሪካዊ ሓደ መረዳእታ የለን። ስለዚ’ለ ደማ እዩ “ህይወት ጸለምቲ ይከበር” (Black Lives Matter) ዝበል ዓቢ ምንቅስቓስ ዘሎ፥ ቅድሚኡ’ውን ብኻልእ መልክዕ ዝነበረ። ይኹን’ምበር “መሰል” ብዘምልክት፡ ንሕብረት መንግስታት ኣመሪካ በዚ ምንቅስቓስ’ዚ ጥራይ ምግላጽ ትርጉም የብሉን። እቶም ውግሐ ጸበሐ ብዛዕባ ምግዛስ ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኣፍሪቃ ዝጽሕፉን ዘሰሉን ዝእግዱን ዓለምለኻውያን ናይ ምዕራብ ተጣበቕቲ ግን ጉዳይ “ህይወት ጸለምቲ ይከበር” ማለት “Black Lives Matter” ኣይገኑዩምን እዮም።

### ተራ ቋንቋን ልምድታትን ሕብረተሰብ

ኩሉ ማሕበረሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ቋንቋን ልምድታትን ኣለዎ። ቋንቋ ብቐሊሉ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ክዘርጋሕ ስለ ዘኽእል ዝተፈላለዩ ማሕበረሰባት ተመሳሳሊ ወይ ዳርጋ ሓደ ቋንቋ ክዛረቡ ይኽእሉ። ገለ ክፋል ልምድታት ናይ ሓደ ማሕበራዊ-ጉጅለ (እንቋዕ ኤትኒክ) ግን ንወለዶታት ዝተሰጋገረ ሱር ዝበዝሐ ከኣ ዘይሰርሑድ ብምዃኑ ብቐሊሉ ብኻልእ ማሕበራዊ-ጉጅለ ኣይቅዳሕን እዩ። ልምድታት ካብ ሓደ ናብ ካልእ ማሕበራዊ-ጉጅለ ዝወራረስ ኮይኑ፡ ኣድቂቕካ እንተርኢኻ ግን ገለ ፍልልያት ኣለዎም። ከምዚ ዓይነት ፍልልያት ኣብ መነባብሮ ማሕበረሰባት (ሃገር) ተወሳኺ ሓይሊ እምበር ኣሉታዊ ኣይኮኑን።

ኣብዚ ዝሓለፈ 200 ዓመት፡ ሓያሎ ምዕራባውያን ክኢላታት፡ ናብ ገጠራት ኣፍሪቃ ብምኻድ፡ ብዛዕባ ሱር-ማሕበረሰብ መጸናዕቲ የካይዱ ነይሮም ኾይኖም ኸ’ውን የካይዱ ኣለው። ገለ ውሑዳት ምስቲ ከጸንዕዎ ዝደልዩ ማሕበራዊ-ጉጅለ (ንኣብነት እንዳ) ንዊሕ ዓመታት ተቐሚጦም ቋንቋን ልምድታትን እቲ ማሕበራዊ-ጉጅለ ብዝበለጸ ኣጸኒዖም ኣገዳሲ ሰነዳት የዳልው። ከምዚ ዓይነት ሰነዳት ከኣ ነቲ ዘጽንዕዎ ማሕበራዊ-ጉጅለ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ሃገር ብሓፈሻ ከምኡ’ውን ንዓለም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ብኣንጻሩ ብዙሓት ምዕራባውያን ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ባይላ ንምርካብ ኣብ ሓንቲ ገጠር ናይ ኣፍሪቃ ብምኻድ፡ ቋንቋን ልምድታትን እቲ ‘ዘጽንዕዎ’ ማሕበራዊ-ጉጅለ ከይተማህሩ፡ ተርጓሚ ቖጺሮም ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ‘መጽናዕታዊ’ ሰነድ የቕርቡ። ከምዝፍለጥ ንሓደ ቃል ብተመሳሳሊ ናይ እንግሊዝ ወይ ኖርወጃውያን ቃል ምግላጹ ሓደ ነገር እዩ፡ ኣምራት ምትርጓም ግን ካልእ ነገር እዩ። ንኣብነት “ኣብ ዓዲ ዕወረት’ሲ ሓደ ዓይኑ ይነግስ”፡ “ካብ ምህርስ ኣእምሮ”፡ “ሓብለስ መጠምዘቲ ትኣሓል”፡ “ከልቢ ይነብሕ፡ ገመል ጉዕዙኡ ይቕጽል”፡ “ዝበሃልዶ ስኢንካ”፡ ወዘተ. ብኸመይ ይትርጎም? ብዘዋግዒ “ኣብ ዓዲ ዕወረት’ሲ ሓደ ዓይኑ ይነግስ” ብቐሊሉ ክትርጎም ይኽእል እዩ። ተመሳሳሊ ናይ እንግሊዝን ካልእ ቋንቋን ምሳሌታት ስለ ዘለዎ። እዚ’ውን እቲ ተርጓሚ ዓሚቕ ኣፍልጦ ምሳሌታት/ኣምራት እንግሊዝ ወይ ካልእ ቋንቋ ምስ ዝህልዎ ጥራይ እዩ። “ዝበሃልዶ ስኢንካ” ግን ብዘይኮነ መልክዕ ናብ ካልእ ቋንቋ ብቐሊሉ ክትርጎም ኣይከኣልን እዩ። ንኽትርጎም እቲ ተርጓሚ “ዝበሃልዶ ስኢንካ” መሰረቱ ንምንታይ ከም እተባህለ ኣፍልጦ ክህልዎ ኣለዎ። ብኻልእ ቋንቋ ክገልጾ እንተኾይኑ ከኣ፡ ምስእ ጥራይ ኣይኮነን ክትርጎም፡ ታሪኽ እዩ ክገልጽ ዘለዎ።

ብዛዕባ ሓደ ማሕበራዊ-ጉጅለ መጽናዕታዊ ሰነድ ንምጽሓፍ፡ ዓሚቕ ኣፍልጦን ብቕዓትን ቋንቋን ልምድታትን እቲ ማሕበራዊ-ጉጅለ ከም ዘድሊ እናተፈልጠ፡ ባጀላ ንምርካብ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ተጻሒፎም ዝቐርቡ ሰነዳት ብዙሕ ትርጉም የብሎምን። ገለ ካብቶም ባጀላ ንምርካብ ሓደ ወሰን ‘ማሕበራዊ-ጉጅለ ዘጽንዑ’፡ ነቲ ዝበርዎ ወሰን ‘መጽናዕቲ’ ሓደ ማሕበራዊ-ጉጅለ ከም ቀንዲ መወከሲ ብምውሳድ፡ ካልእ ካብኡ ዝዓበየ ኣብቲ ከባቢ ዝተገብረ ‘መጽናዕቲ’ ተጠቒሞም፡ ናይ ዝዓበየ ማሕበረሰብ፡ ሃገር ወይ ዞባ ክኢላታት ኮይኖም ይቐርቡ እዮም።

ይትረፍዶ ሃደንቲ ባጀላ ዝጸሓፍዎ ‘መጽናዕቲ’፡ እቶም ግዜ ወሲዶም፡ ቋንቋን ልምድን ማሕበራዊ-ጉጅለ ኣጽኒዖም ዝጸሓፍዎ’ውን ከምዘለዎ ንሓዋሩ መነባብሮ ማሕበራዊ-ጉጅለ ዝገልጽ ገድርጎ ምውሳዱ ልክዕ ኣይኮነን። ማሕበረሰባት ብቐጻሊ ስለዝምዕብሉን ዝቕያየሩን። ንኣብነት ቅድሚ 50 ዓመት ቤት-መንግ ኣእ ነብስ ዝኾነት ማሕበረሰብ እያ ነይራ ክበሃል ይከኣል ይኸውን። ኣብቲ ግዜ’ቲ ብዛዕባ ማሕበረሰብ ቤት-መንግ ኣእ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ኣብቲ ግዜ’ቲ ዝነበረ መነባብሮ ንምርዳእ ሓጋዚ እዩ። ይኹን’ምበር ኣብቲ መጽናዕቲ ተሞርኲስካ ናይ ሎሚ መነባብሮ ደቂ ቤት-መንግ ኣእ ምግላጽ ብዙሕ ትርጉም የብሉን። ሎሚ ቤት-መንግ ኣእ ይውሓድ ይብዝሕ ክፋል ኣስመራ እያ።

**ይቕጽል**

# ሸባብ

ሃማመተኤ


ሪፓርታዥ

## ንባብ ንዕዉት ሂወት

ቤትኤል ሰለሞን

ቅነ መጽሓፍቲ ካብቲ ብደረጃ ዓለም ዘውቱር ቅነ ኮይኑ፡ ድሌታት ኣንበብቲ ብዝተቐረቡ መጽሓፍቲ ዝመልእ፡ ንባህጊ ጸሓፍቲ ንቕድሚት ዝደፍእ ባይታ እዩ። ምኽንያቱ እዞም ክልተ ተወሃሃድቲ ባህርያት ኣንባብን ደራስን ትምኒቶም ዘሰምር ብምዃኑ። ኣብ ሃገርና እንተ ርኢና ድማ ካብ 2001 ዓ.ም. ንደሓር ብደረጃ ሃገር ኣብ ከተማ ኣስመራ ክካየድ ተጀሚሩ። ኣብዚ መድረኽ እዚ ድማ ግዱስ ኣንባብን፡ ከንብብ ዝደልን፡ ደራስን ሓሳባት ኣውራስን ኣብ ሓደ ቅርዓት ተራኺቦም እዮም። እቲ ቅነ ኣገዳስነቱ ብምዕዛዙ፡ ኣብ ሓደ ውሱን ቦታ ምዃን ተሪፉ ኣብ ዞባታት ክካየድ ዝኽእለሉ ባይታ ተጣጢሑን ተጀሚሩን። ካብ ዓመት 2011 ክሳብ 2015 ድማ ቅነ ምርኢትን መሸጣን መጽሓፍቲ ኣብ ዞባታት ሃገርና ተኻይዱ። እዚ ዓቢ ኣገዳስነት ዝነበሮ ቅነ መጽሓፍቲ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ደው ካብ ዝበል ሸውዓተ ዓመት ምስ ኣቑጸረ ድማ'ዩ፣ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ዓመት 2022 ቅነ መጽሓፍቲ ዝወደበ። እንሆ ሎሚ ዓመት ን3ይ ግዜኡ ብኸብ ዝበለ ድምቀት ኣካይድዎ ይርከብ።

ናይ ሎሚ ዓመት 3ይ ቅነ መጽሓፍቲ ዞባ ዓንሰባ፡ "ንባብ ንዕውት ሂወት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ እዩ ተኻይዱ። ነቲ ቅነ ንምክያዱ ሃማመተኤ ምስ መሻርኽቱ ብምውህሃድ እዩ መደባቱ ከሰላስል ቀንዩ። ነዚ 3ይ ቅነ ምርኢትን መሸጣን መጽሓፍቲ ዕዉት ንምግባሩ ክትግበሩ ካብ ዝተለሞም መደባት ስራሕ፡ ብቐጻምነት ምዝርጋሕ ሓበሬታ ናብ ኩሉ ዝምልከቶ



ኣካል እዩ ኔሩ። ነቲ መደባት ብውዱብ መልክዕ ንምትግባሩ ድማ፡ ብመዓልትን ሰዓትን ዝተለክዐ ውዱብ ናይ ምርኢት ግዜታት እዩ ከፋፊልዎ። ሰሚናራት፡ ዘተ፡ ኣስተምህሮን ጎስጓስን ድማ ኣካል ናይቲ ነዚ ቅነ ንምዕዋት ዝተወሰደ ተበግሶ እዩ።

ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ካብ 22-25 ሚያዝያ ኣብ ንባብ ዘተኮረ ጎስጓሳዊ ሓበሬታ ተዋሂቡ። ኣብ ከተማ ከረንን ዒላበርዕድን ድማ ንናይ ቋንቋ መምህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ መጽሓፍትን ብደራሲ ስሎሞን ጸሃየ፡ ኣብ ምምዕባል ባህሊ ንባብ ዘተኮረ ዓውደ ዘተ ብ25 ሚያዝያ ተኻይዱ። መዋዓውዒ ጽሑፋት ኣብ ጎደናታት ምልጣፍን ብመኪና እናዘርካ ሓበሬታ ምትሕልላፍን እውን ኣካል ናይቲ ኩሉ ነባሪ ነቲ ቅነ ከም ዝሳተፍ ንምግባር ዝተተግበረ ንጥፈታት እዩ።

ኣብቲ ወግዓዊ መኽፈቲ 3ይ ቅነ መጽሓፍቲ ኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምበሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሃይለ ተወልደብርሃን፡ ኣማሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ረዘነ ኣርኣያ ዝርከብዎም ሓለፍቲ ኣካላት መንግስትን ማሕበራትን፡ ኣስታት 300 ተሳታፋይ ኣብ ዝተረኽብሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምበሳደር ዓብደላ ሙሳ ሪቫን ብምቑራጽ እዩ ከፊትዎ። ነቲ ኣብ ኣዳራሽ ማእከል መንእሰያት ግራንድ ሆቴል ንምርኢትን መሸጣን ዝቐረበ መጽሓፍቲ ድሕሪ ምዕዛብ፡ ብቐጥታ፡ ናብቲ ብደራሲ ስሎሞን ጸሃየ ክካየድ ዝተወጠነ ሰሚናር እዮም ኣምሪሖም። ኣዳራሽ ግራንድ ሆቴል ድማ ብወግዒ ኣጋይሻ ትእንግደሉ ሰዓት ስለዝኾነላ ብበጻሕቲ ማሚቓ እያ ኔራ።

መቐጸልታ ናይቲ ብተኸታታሊ፡ ኣብ ዓመት 2022 ሰለሞን ድራር፡ ኣብ ዓመት 2023 ጋዜጠኛ ሰለሞን በርሀ፡ ብምዕዳም ዘካየድዎ ናይ ሰሚናር መደብ፡ ሎሚ ዓመት'ውን ደራሲ ሰለሞን ጸሃየ እዩ ተዓዲሙ። ብደራሲ ሰለሞን ጸሃየ ዝቐረበ ትሕዝቶ፡ ብቐንዱ ንምኹስኳስን ምዕቃብን ያታዊ ባህሊ ዘተኮረ እኳ እንተ ነበረ፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ካብታ ብመጽናዕትን ምርምርን ሓያል ጻዕሪ ብምፍሳስ ዝሕተማ ኣገዳሲ ኣፋዊ ኣያታ ማሰን መልቀስን ዝሓቘፈት መጽሓፉ፡ ከምኡ'ውን ካብ ሳሕል ዘርእስታ ናይ ግጥሚ መጽሓፉ ዘላሊ ትሕዝቶ እዩ ኔሩ።

ባህላዊ ክብርታት ንምዕቃቡን ቀጻልነቱ ንምውሓስን ሓያል ስራሕ ዝሓትት ኣካል ሃገራዊ ታሪኽ ምዃኑ ብምሕባር፡ እዚ ድማ ብምንባብን ምርምርን ዝርከብ ውርሻ ስለዝኾነ መንእሰያት ኣተኩሮ ክህብሉ ከም ዝግባእ ደራሲ ሰለሞን ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣዘኻኺሩ ኔሩ።

"ስነ-ጥበብን ሕብረተሰብን መማዘንቲ'ዮም፡" ዝበለ ደራሲ ሰለሞን፡ ኣብ ሃገርና ነዊሕ ሰረት ዘለዎም ኣፋውያን ያታታት፡ ማሰ፡ መልቀስ፡ ኣውሎን ካልኦትን ስነ-ጥበባዊ ፍርያት፡ ንኽብርታት ሕብረተሰብ ዘጉልሑ፡ ንሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝ ናይ ምብህሃል ልምዲ፡ ምውቕቓስን ምትእርራም እወታዊ ተራ ዝጻወቱ ክብርታት ምዃኖም ኣነጺሩ። ተራ ማሰ፡ መልቀስ፡ ኣውሎ፡ ኣብ ዕርቂ፡ ሸምግልና፡ ብመጽሓፍ ተሰኪዶም ዝርከቡ ትሕዝቶታት ንተሳተፍቲ ብሰፊሑ ዝገለጸ ደራሲ ሰለሞን፡ ያታ ቀዳሞት ንምዕቃቡ ናይ ጸሓፍቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ብምዃኑ ንምዕቃቡ ኩሉ ዝምልከቶ እጃሙ ከበርክት ጸዊዑ። እቲ ብመሳጢ ኣቀራርባ ተሰንዩ ብሕቶን ርእይቶን ተደጊፉ ንሰለስተ ሰዓታት ዝቐጸለ ኣዛናዩን መሃርን ሰሚናር፡ ንብዙሓት ተምሳጥ ዝሕደረ ሰሚናር ኮይኑ እዩ ሓሊፉ።

ካልእ ኣብዚ ቅነ ብፍሉይ ተሰኪዱ ዘሎ ዓመታዊ ዝካየድ ምምራቕ ሓደስቲ መጽሓፍቲ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብደራሲ ግርማጺዮን ኪዳነ ዝተተርጎመት ንኣጸሓሕፋ ልቢ-ወለድ ትሕግዝ መጽሓፍ ክትምረቐ ከላ። ኣብ ዓመት 2023 ስዕረት ዘርእስታ ብሸሞንዲ ዑቕባሚካኤል ዝተደርሰት መጽሓፍ ንምምራቕን ምልላይን ዕድል ረኺባ ኔራ። ሎሚ ዓመት'ውን ኣብታ ወግዓዊ ቅነ ዝተኸፍተትላ መዓልቲ፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ብመንእሰይ ሄኖክ ሃይለማርያም ዝተደርሰት መጽሓፍ ንምምራቕ በቒዓ እያ። እዚ ነቲ ብቐጻሊ ንምኹስኳስ ባህሊ ንባብ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ ዘተባብዕ ውጽኢት ምንባሩ ይግለጽ።

ኣብ ኣዳራሽ ማእከል መንእሰያት ግራንድ ሆቴል ዝቐረቡ ልዕሊ 30 ደረስቲ፡ ብመንገዲ ወከልቶም ዘሳተፍዎ መጽሓፍቲ ቀሪቡ ኔሩ። ነቲ ዝቐረበ መጽሓፍቲ ካብ 20% ክሳብ 50% ምጉዳል ዋጋ ብምግባር እዩ ዝሸየጥ ኔሩ። ንተመሃሮ ዝሕግዙ ተወሰኽቲ መምሃሪ መጽሓፍቲ፡ ናይ ስነልቦናን ፍልስፍናን መጽሓፍቲ፡ ልብወለዳውያን፡ ከምኡ'ውን ናይ ነዊሕ ዓመታት ዕድመ ዘለዎም መጽሄታትን ጽሑፋትን ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣብዚ ኣዳራሽ መሊኦም ኔሮም። ብተወሳኺ ህዝባዊ ቤት ንባብ ከረን፡ ዑና ዲጂታላዊ ላይብረሪ'ውን ዘለዎም ትሕዝቶ ንምልላይ ኣብዚ ቅነ ተሳቲፎም እዮም።



ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ዘይምሕላል

ኣብ ናይ ባንክ ሕሳብካ 86,400 ናቕፋ መዓልታዊ ይቕመጠልካ ኣሎ። እዚ ንመዓልቲ ግድን ትጥቀመሉ'ዩ፣ ዝሓድር ወይ ዝውህለል ገንዘብ የብልካን። ምሸት-ምሸት እቲ ዘይተጠቐምካሉ ገንዘብ ካብ ሕሳብካ ክእለ እዩ። እሞ በዚ ሰልዲ እንታይ ምገበርካ? ነፍሲ ወከፍ ናቕፋ ካብ ሕሳብካ ኣውጺእካዶ ምተጠቐምካሉ? ቅድሚ ንባብ ምቕጻልካ'ባ ንእሸተይ ሕሰብ!

"መን'ሞ ክህበኒ?" ዶ ኢልካ!? ተመሳሳሊ ባንክ ንኹልና ኣሎና። "ግዜ" ድማ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንግሆ-ንግሆ 86,400 ካልኢታት ኣብ ሕሳብካ ይወሃበካ።

ካብዚ እቲ ዘይተጠቐምካሉ ገንዘብ (ካልኢት)፡ ብላሽ ወይ ኮንቱ ተባሂሉ ይስረዝ። ካብቲን ናይ መዓልቲ መቝንንካ፡ ንላዕሊ ክትልቃሕ ወይ ልዕሊኡን ክትጥቀም ኣይከኣልን። ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ፡ ባንክ ሕሳብካ ይሕደስ፣ ነፍሲ-ወከፍ ምሸት ከኣ ባንክ ሕሳብካ ባዶ ይኸውን። ንመዓልቲ ኣብ ሕሳብካ ዝተቐመጠልካ ገንዘብ እንተ ሓሪሩ፡ ውድቀትካ ወይ ስዕረትካ'ዩ ዘመልክት። ይግባይ ኢልካ እውን ክምለስ ኣይከኣልን እዩ።

ካብ ናይ ዝመጽእ መዓልታት መቝንን እንተ ደለኻ'ውን ክትረኽቦ ኣይከኣልን። ካብ ናይ ካልእ ሰብ'ውን ክትወስድ ኣይትኽእልን፣ ካብ ናትካ'ውን ክትህብ ኣይትኽእልን። እቲ ግዜኻ፡ ግዜኻ ጥራይ እዩ፣ ኣኸለ።

ከምቲ ንገንዘብካ ኣበይ ከም እተውዕሎ ትሓስበሉን ትውስነሉን፡ ግዜኻ ኣበይ ከም እተሕልፎ'ውን ክትሓስበሉን ክትውስነሉን ዘለካ ንስኻ ኢኻ።

እዘን ናይ መዓልቲ ብጽሒትካ፡ ክሳብ ዝከኣለካ ክትቀመለን ኣይትተሓለል።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ወ/ሮ ኣይዳ ጼጋይ ስበሃቱ፡ ሓፍተይ ምሕረት ጼጋይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ገኑት ገብረሂወት መልኣኩ፡ ወኪል ኣቶ ብርሃ ኣርኣያ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ተኽስተ ጼጋይ ኮረረ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ሚካኤል ኣሰፋው ተኽለ፡ ኣደይ ማኣዛ ተስፋማርያም ኪዳ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ዘቢብ ገብረሂወት፡ ተኸሳሲ ርእሶም ደስበለ ለገሰ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

መሓመድ መሳ መሓመድ ስዒድ ናፍዕ ምግባል ተሪፉ፡ መሳ መሓመድ ስዒድ ናፍዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ስዒድ ናፍዕ ምግባል ተሪፉ፡ መሓመድ ስዒድ ናፍዕ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሰይድዳውድ ኣሕመድ ሰይድዳውድ ምግባል ተሪፉ፡ ዳውድ ኣሕመድ ሰይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ሳባ ኃይም በረኸት፡ ኣደይ ርግኣን ተስፉ ተርቀ ብዘወት ከለዋ ኣብ ቅድሚ 4 መሰኻኽር ዝተጉዝረ ለዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ሓጋዝ

ወ/ሮ ኣምና ዐስማን ኑር፡ በዓል ቤተይ መሓመድ ዓሊ ሓምድ ዐመር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

የዕበዮ ፍስሃዬ ገብረማርያም፡ ስም ኣደይ ታብቱ ኣርኣያ ሃብተሚካኤል ምግባል ተሪፉ፡ ሌተኪዳን ታደሰ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የዕበዮ ፍስሃዬ ገብረማርያም ምግባል ተሪፉ፡ መንግስ ፍስሃዬ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣደም ሓሰበላ መሓመድ፡ ስም ኣደይ ኣብርሄት መሳ ከልብ ምግባል ተሪፉ፡ ኣርሄት መሳ ከልብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዓብደልዓዚዝ ኑርሕሴን ሰዑዲ፡ ስም ትሕተይ ዕድመ ወደይ ዓብደልሃየሚ ዓብደልዓዚዝ ኑርሕሴን ምግባል ተሪፉ፡ ፈራሕ ዓብደልዓዚዝ ኑርሕሴን ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣምና ዓብደላ ዓሊ፡ ስም ትሕተይ ዕድመ ወደይ መሓመድ እድሪስ ዓሊ ምግባል ተሪፉ፡ መሓመድዑስማን እድሪስ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ ዑቕባሚካኤል ተስፋይ ኣድጎይ፡ ኣቦይ ተስፋይ ኣድጎይ ጎሉምን ኣደይ ሸማይኽሽ ክፍሉ ዘርኡን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋላናፍሒ ከበቢ ዓዲ ጓዕዳድ፡ ብስም ተኪኤ ዑቕባጽዮን ሃይለሚካኤልን ወ/ሮ ኤልሳ ዑቕቢት ዓንደብርሃንን መወ/ቁ 000275 መለለዪ መሬት ASP00051069 መለለዪ ገዛ ASD 00045993 መለለዪ ዓሚል ASC00090670 ዝተመዝገበ ቀንዲ (ኦርጂናል) ናይ ገዛ መረጋገጺ ግዚያዊ ምስክር ኣብያተ ከተማ ከንረኽቦ ስለ ዘይከኣልና፡ ብዕዳ ሒዝዎ ወይ ረኺብዎ ዝበለ እንተሎ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07151342 ኣቶ ሙሉጌታ ዑቕባጼን ሃይለሚካኤል ኢልኩም ክትሕብሩና። እንተዘይቲኦ ግን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት መተካእታ ክንሓትት ምዃንና ነፍልጥ።

ካብ ነፍ/ሄር ተሸመ ሃይለ ተስፋ
ወኪል ኣቶ ሙሉጌታ ዑቕባጼን

---

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ውዕል ጽገና ኣገልግሎታትን (ፕሪንተራትን ፎቶ ኮፕየራትን ወሽጣዊ ማስመር ቴሌፎን ቸንትራል (PBX) simens ኣብ ሕክምና ኢናኢል ዝርከብ እሳንሰዩር (lift) ዝተፈላለየ ዓይነት ጀነረተራት፡ ምሕጻብ መካይን (ላቫጆ) ፍርጃትን ኣየር ኮንዲሽነራትን ሓጻቢት ክዳውንቲ ማሽን ጽገና ኮምፕዩተራትን መቀያየራሉን ጽገና ዝተፈላለየ ራድያተረታት)

ዓዳጊ፦ ሓየሊ ኣየር ኤርትራ
ኣርእስቲ ውዕሉ፦ ውዕል ዓመታዊ ጽገና ኣገልግሎትን
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ሓየሊ ኣየር ኤርትራ ንዓመተ 2024 ንትካሉ ዝውዕል ጽገና ኣገልግሎታትን ዝሀቡ ትካላት ክሳተፍ ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ተወዳደርቲ ይዕድም፡

1.ሓየሊ ኣየር ኤርትራ ንሕጋውያን ተወዳደርቲ ወሃብቲ ጽገና ኣገልግሎታትን (ፕሪንተራትን ፎቶ ኮፕየራትን ወሽጣዊ ማስመር ቴሌፎን ቸንትራል (PBX) simens፡ ኣብ ሕክምና ኢናኢል ዝርከብ እሳንሰዩር (lift) ዝተፈላለየ ዓይነት ጀነረተራት፡ ምሕጻብ መካይን (ላቫጆ) ፍርጃትን ኣየር ኮንዲሽነራትን ሓጻቢት ክዳውንቲ ማሽን ጽገና ኮምፕዩተራትን መቀያየራሉን ጽገና ዝተፈላለየ ራድያተረታት) ብዕሹግ ደብዳበ ክቐርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ተወዳደርቲ ክፉት እዩ፡
3. ተሳታፍቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2021 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመተ 2022 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተሳታፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ሓየሊ ኣየር 155500 ወይ 155510 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳታፍቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ) ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 5 መዓልታት ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰዓት 10:00 ተሳታፍቲ፡ ሕጋውያን ወከልቶም ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን ስነ-ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕድጊ ብግልጺ ይኸፈት።
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ (cpo) 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ ክስነድ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘአዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሓየሊ ኣየር ኤርትራ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሓየሊ ኣየር ኤርትራ
ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 861 ኣስመራ ኤርትራ
ቴሌፎን 155500 / 155510

---

ወ/ሮ ከዲጃ ኣልኣሚን ፋሉ፡ በዓል ቤተይ የሱፍ ሓሰን ኣርጌን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 13 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምጽላል ክፍላይ ኣስመላሽ፡ በዓል ቤተይ ተኽለወይኒ ጼጋይ ሰዩም ስለዝተሰወአ፡ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋግጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ክብሮም ቀሺ ሽሻይ ግደ፡ ወለደይ ቀሺ ሽሻይ ግደ ጉርጃን ሰንበቱ ወልዳይ ሎባሲን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

## ምስጋና



ብዕረፍቲ እፍቅሮ ኣቦና ጼጋይ ሃብቱ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ኩሕሊ ዝበኣ ን/ዞባ/ዓዲ ኳላ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራቤት

---

## ዓቢ ብስራት ካብ ቀለተ ሆቴል

ቀለተ ሆቴል ርሑስ በዓል ፋሲካ፡ ከምኡ'ውን ርሑስ በዓል ቅንያት ናጽነት እናበለ፡ ሰናይ ናይ ዕረፍቲ ግዜኹም እናተመነየ፡ ንዓኹም ኮነ ንደቅኹም፡ ንፈተውትኹም ኮነ ነጋሻትኹም እተዘናግዕሉን እተዕርፉሉን ከምኡ'ውን ንመርዓ ኮነ ንሕጹ ንዝተፈላለዩ ግብጃታት - ቀለተ ሆቴል ይኹን ምርጫኹም።
ቀለተ ሆቴል ካብ 5 ግንቦት 2024 ስርሑ ከም ዝጀመረ ብዓቢ ብስራት ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ቴሌ. 07112809
ብድሓን ምጹ

---

ኣነ ወ/ሮ ሰፊያ ዑመር ዐብድ፡ ነባሪት ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምምሕዳር 03 ጎደና ሰራዩ ቁጽሪ ገዛ 5 ፕሎት 29 ፓርሰል "ኢ" ዝርከብ ብየግዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣብያተ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 120175 መወከሲ ቁጽሪ 13465 ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ንወ/ሮ ሰበ ገብረኣምላኽ ባህቱ ስለ ዝሸጥኩላ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊት ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኳይኑ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ዞባ ማእከልን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ሰፊያ ዑመር ዐበድ

---

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ሚሮን ተኽሌስሚካኤልን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ የማነ ዓንደብርሃንን ዝተፈጥረ ናይ ሓዳር ክርክር፡ ኣብ ዓዲ "ቀ" ኣብ ፕሎት 18 ፓርሰል J ዝርከብ ኣብ 240.50 ት/ሜ ዝተደኮሰ ተራ ገዛ 03 ቀንዲ ክፍልታት 02 ሓገዝቲ ክፍልታት ባኞ ናይ ማይ ጉሓዝ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ቤ/ፍርዲ ብሓራጅ ተሸይጡ ብጽሒቶም ክወስዱ ስለዝኣዘዘ፡ ብኽኢላ መጠነሲ ዋጋ 774,958.97 (ሸውዓተ ሚእትን ሰብዓን ኣርባዕተን ሽሕን ትሽዓተ ሚእትን ሓምሳን ሸሞንተን 97%) ናቕፋ ተገሚቱ። ኣብ ዝካየድ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ብምቕራብ ቅድሚ ዕለተ ሓራጅ ዘሎ 05 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ሳዕስዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዓለወ ሳጹን ናይ'ቲ መወዳደሪ እተረቑሐ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ጽሒፉ ብዕሹግ ሰታሪት የእቱ። ኣብ ዕለት ሓራጅ፡ ኣብ ዝቐረበ ግምት ዋጋ 1/4 ዝሓዘ ብስሙ ቁ/ተጠራቓሚ ሕሳብ ወይ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ cpo ኣሰሪሑ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ፦ 10/6/2024
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ቅ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፦ ሳዕስዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ/27
ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ፡ ኣብ ሳዕስዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/64 ክወከስ ይኽእል።
ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምከቶ ቤ/ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣምጺኡ ሓራጅ ደው ኣይብልን
ፈጻሚ ፍርዲ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ሓሬናን ክንፍን ዓወት ኣመዝጊበን

ብምኽንያት መበል 33 ዓመት መዓልቲ ናጽነት፡ ኣብ መንጎ ጋንታታት ቸዝን ባድሚንተንን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ውድድራት ይካየድ ከፀማዝሉ፡



ህዝባዊ ርክባት መኮነን ሓብሬታን ንሰንሰን ምኒስትሪ ምክልኻል ሓቢሩ። ኣብ ውድድር ቸዝ ፈለማ ካብ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ፣ ሓሬና ንሰንፐቕ፡ ብደሆ ንሳዋ ዓምበርበብ ከኣ ንክንፈ ብተመሳሳሊ ውጽኢት 1-ብ0 ክስዕራአን ከለዋ፡ ካብ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ሰንፐቕ ንብደሆ፡ ንስሪ ንሓሬና፡ ክንፈ ንሸዐላ መኾተ ከኣ ንዓምበርበብ ብተመሳሳሊ ውጽኢት 1-ብ0 ክዕወታለን ከም ዝኸኣላ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ኣብ ውድድር ባድሚንተን ኣብ ናይ ድርብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጸወታ፣ መኾተ ንዓምበርበብ 2-ብ1 ክስዕራአን ከለዋ፡ ሓሬና ድማ ንከረር 2-ብ0 ረቲዐንአን። ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ተሓዊሶም ኣብ ዝገበርዎ ውድድር፡ ሳዋ'ያ ንብደሆ 2-ብ0 ኣፋንያታ።

ኣብ ናይ ድርብ ግጥም ደቂ-ተባዕትዮ፣ መኾተ ንሸዐላ 2-ብ0 ክስዕርዎም ከለው፡ ሓሬና ከኣ ንሰንፐቕ ብተመሳሳሊ ውጽኢት ረቲያሞም። ኣብ ናይ ንጹል ግጥም ደቂ-ኣንስትዮ እውን ሳዋ ንብደሆ በከረር ድማ ንሰንፐቕ ብተመሳሳሊ 2-ብ0 ከም ዘፋነውአን ካብ ህዝባዊ ርክባት ንሰንሰን ሓበሬታን ምኒስትሪ ምክልኻል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ብመሰረት እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ ኣብ ናይ ንጹል ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ውድድር፣ ዓምበርበብ ንመኾተ ሳዋ ከኣ ንሸዐላ 2-ብ0 ክስዕርዎም ከለው፡ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብሓባር ኣብ ዝገጠምሉ ውድድር ከኣ ዓምበርበብ ንሓሬና 2-ብ0 ተዓዊታትላ።

## ሕልማ ዘይሰመረላ ፒኤስጂ

ፈረንሳዊ ብሉጽ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ኪሊያን ምባፐ፡ ኣብ ፒኤስጂ ዝሓልሞ ዝነበረ ከይረኸበ ካብ ከተማ ፓሪስ ዝፋነወሉ ግዜ እናቐረበ መጺኡ። እዚ ተጻዋታይ ዝመጽእ ክረምቲ ካብ ፒኤስጂ ወጺኡ ናብ ሪያል ማድሪድ ቀድሚ ምስግጋሩ ክገብሮ ዝነበሮ ቀዳማይ ነገር እንተ ደኣ ነይሩ ኮይኑ፡ ጽዋእ ቻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ምልዓል'ዩ ነይሩ። ኩነታት ግን ከምቲ ዝሓሰቦ ኣይጸንሓን - ብቐድሚ ትማሊ ምሸት በታ ኣብዚ ውድድር ብዙሕ ትጽቢት ዘይተገብረላ ጀርመናዊት ክለብ ቦሩሽያ ዶርቱሞንድ ብድምር ናይ ክልተ እግሪ ጸወታ 2-ብ0 ተረቲዑ ርእሱ ከድንን ተገዲዱ ኣሎ። ቀጠራውያን ሰብ ጺጋ ኣብ 2011 ንፒኤስጂ ክዕድግዋ ከለው፡ ነታ ጋንታ ብጠዘሐ ሽቶታቱ ዘማምቿ ተጻዋታይ'የም ዝደልዩ ነይሮም። ብፍላይ ግን ኣብ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ዓብላልነት ንምርኣይ እዩ ነይሩ እቲ ዕላማ። ፈለማ ኣብ 2017 ክብረወሰን ማስርሕ ምስግጋር ተጻውቲ ዓለም ብምስባር ንኔይማር እየም ካብ ባርሰሎና ከምጽእዎ ተራእዮም። ዝመጸ ለውጢ ኣይነበረን። ድሕሪ ሓደ ዓመት ከኣ ኪሊያን ምባፐ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ኮይኑ ዋንጫ ዓለም ምስ ኣልዓለ ኣብ ጎድኒ ኔይማር ክጸንብርዎ ኣይተጸገሙን። ሕጂ'ውን ለውጢ ኣይተራእየን። ኣብ 2021 ንበሉጽ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ሊዮኔል መሲ ካብ ባርሰሎና ምስ ዓደግዎ፡ ኣብ መስመር መጥቃዕቲ እታ ጋንታ ሰለስተ ብሉጻት ተጻወትቲ ብምጽንባሮም ብምባሎም እቲ ሕልሚ ዝበጽሕ ኮይኑ ተራእዩ። እዞም ተጻወትቲ ኣይትሃን ናይ ቻምፕዮንስ ሊግ ዋንጫ ናብ ከተማ ፓሪስ ከምጽኡ፡ እቲ ሓደ ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ እቲ ካልኣይ ናብ ስዑዲ ዓረብ፡ እቲ ሳልሳይ ከኣ ናብ ስጳኛ ፋሕ ብትን ክብሉ'የም ተራእዮም። “ምስክሕይቲ ፒኤስጂ ዘይትረኽቦ ዘይብላ” ድማ ይብሃለላ ኣሎ። ድሕሪ 2017 ፒኤስጂ ኣብ ፈረንሳ ዘይረወሰደቶ ዋንጫ ኣይነበረን። ካብ ሸውዓተ ናይ ሊግ ‘ኣ’ ውድራት ኣብ ሽዱሽተ ዘውዲ ሻምፕዮን ክትደፍእን ሰለስተ ግዜ ዋንጫ ክለባት ኤውሮጳ ክትዓትርን ኣይተሸገረትን። ጽዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ግን ፍጹም ናብ ከተማ ፓሪስ ምምጻእ ሓንጊዱ። እዛ ጋንታ ካብ 2017 ኣትሒዛ ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ዓለም ክትጥርንፍ ካብ ትጅምር ሰለስተ ግዜ ጥራይ'ያ ካብ ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ ክትሰግር ክኢላ። ኣብ 2020 ብሰንኪ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ መቐረት ኩዕሶ እግሪ ጠፊኡሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ ክሳብ ፍጻመ ክትበጽሕ ኪላ፡ ኣብ ዓመቱ ከኣ ክሳብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ሰጊራ ነይራ። እቲ ሳልሳይ ግዜ ከኣ እዚ ብቐድሚ ትማሊ ምሸት ኣብ ገዛእ ሜዳኣን ኣብ ቅድሚ ደገፍታን ብዶርቱሞንድ ዝሓፈረትሉ ኢጋጣሚ እዩ ነይሩ። ብዙሓት ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ፡ ፒኤስጂ ምስ ደረጃ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ክትውዳደር ኣይትኽእልን'ያ እናበሉ'የም ዘቑናጽብዋ ዘለው። እዛ ጋንታ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ግዜ ናብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ዝበጽሓትሉ እዋናት፡ ኣብ ኣርባዕቲኡ ግጥማት ተሳዒራ እያ። ኣብ 2020/2021 ብማንቸስተር ሲቲ ኣብ ክልተ እግሪ ክትርታዕ ከላ፡ ኣብዚ ዓመት ስፖርት ከኣ ብዶርቱሞንድ ክልተ ግዜ ተሳዒራ። እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ ዓመት ኣንጻር ኣብ ጋንታታት ቡንደስ ሊጋ ሓሙሻይ ተርታ ሒዛ ዘላ ጋንታ 44 ቅላዓት ፈቲና ሓንቲ ሽቶ'ውን ከተመዝግብ ዘይምኸኣላ ንብዙሓት'ዩ ኣገሪሙ ዘሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ሽዱሽተ ግዜ ዓንዲ ልዳት ዶርቱሞንድ ክትሃርም ክኢላ'ያ። ካብዚ እቲ ኣርባዕተ (ዋረን ዛዪር ኤመርይ፡ ኑኖ መንደስ፡ ኪሊያን ምባፐን ቪቲንሃን) ኣብ ናይ ድሕሪ ዕረፍቲ ጸወታ ዘጋጠመ'ዩ። እዚ ኣሃዙ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ዝሰንድ ኦፕታ ዝተባህለ ትካል ኣብ 2003/20024 ድሕሪ ምጅማሩ፡ ንዘኾነት ጋንታ ኣጋጢሙ ዘይፈልጥ'ዩ። በዚ ከኣ ፒኤስጂ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ብጠዘሐ ብሉጻት ተጻወትቲ እንተዘይኮይኑ ዓይነት ጽቡቕ ጸወታ ዘይብላ ጋንታ ምዃና ዘመስክር'ዩ ይብሉ ፈላጦት ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ። ኣሰልጣኒ ናይ'ታ ጋንታ ልዊስ ኤንሪከ ግን ካብዚ ዝተፈልየ ርድኢት እዩ ዘለዎ። ንሱ ድሕሪ'ቲ ግጥም ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ “ኣብዚ ግጥም ብዝረኣኽዎ ጽቡቕ ጸወታ ሕጉስ'የ። ንማልያኦም ዝርህጹ ተጻወትቲ ተዓዚበ። ደገፍትና ከኣ ፍሉያት እዮም። ብኸምዚ እንተ ደኣ ቀጺልና ኣብ ዝሓጸረ እዋን ዕላማና ክነወቅዕ ኢና” ኩብል'ዩ መሊሱ ዘሎ። ኣሰልጣኒ ፒኤስጂ ስጳኛዊ ልዊስ ኤንሪከ፡ ኣብዚ ናይ ሰለስ ምሸት ግጥም ብ24 ዓመትን 157 መዓልታትን ድሕሪ 2008/2009 ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ብዝምጋም ዝኣሱ ተጻወትቲ ሒዙ ዝቐረበ ኣሰልጣኒ ኮይኑ ኣሎ። ኣብ 2008/2009 ኣርሰናል ኣንጻር ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ዝገበረቶ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ተመሳሳሊ ዕድመ ዘለዎም ተጻወትቲ ሒዛ ቀሪባ ምንባራ ሱዳት ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ የረድኡ።



## ጌታፈ ኣብ ልዕሊ ግሪንዉድ ተስፋ ተንብር

ስጳኛዊት ክለብ ጌታፈ፡ ብመልክዕ ልቓሕ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣምጺኣቶ ዘላ እንግሊዛዊ መይሰን ግሪንዉድ፡ ንተወሳኺ ዓመት ምስኣ ክጸንሕ ልዑል ተኽእሎ ከም ዘሎ ኣፍሊጣ። ፕረዚደንት ክለብ ጌታፈ ኣንገል ቶረስ ብዛዕባ መጻኢ መይሰን ግሪንዉድ ኣመልኪቱ ምስ ጋዜጠኛታት ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት፡ “ዋላ'ኳ እቲ ውሳነ ናይቲ ተጻዋታይን ናይ ማንቸስተር ዩናይትድን ይኹን፡ ብእንጉብሮ ዘለና ዝርርብ ግን ምሳና ክጸንሕ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ” ኩብል ተዛሪቡ ኣሎ። መይሰን ግሪንዉድ፡ ኣብዚ ዓመት ስፖርት ኮዛ ኣብ መሰርዕ ጋንታታት ላ ሊጋ ስጳኛ ኣብ ዓስራይ ተርታ ተቐሚጣ ዘላ ጌታፈ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ 32 ጸወታታት 10 ሽቶታት ኣመዝጊቡላ ኣሎ። ምስ ዓመጽ ጓል ኣነስተይቲ ተኣሳሲሩ ብዝገበሮ ጉድለት ዲሲፕሊን ብኣባላት ቦርድ ማንቸስተር ዩናይትድ ካብ ጸወታ ክእለ ዝተወሰነሉ መይሰን ግሪንዉድ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወርሒ መስከረም'ዩ ኣብ ውዱእ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ሰዓት ብመልክዕ ልቓሕ ናብ ጌታፈ ተሰጊሩ። ኣብቲ ግዜ ማልያ ዩናይትድ ወደዩ ደጊሙ ክጻወት ከም ዘይክእል ከም ዝተሓበሮ'ዩ ዝግለጽ። ፕረዚደንት ጌታፈ ቶረስ እውን ናብ እንግሊዝ ከይዱ ምስ ሓለፍቲ ዩናይትድ ኣብ ዝተዘራረበሉ፣ እቲ ተጻዋታይ ዝመጽእ ክረማት ክሸየጥ ምዃኑ ከም ዘረጋገጸ ገሊጹ ኣሎ።



### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሰዓት 10፡00 ምሸት

**ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ዩሮፓ ሊግ**

ኣታላንታ ምስ ማርሴ (Agg 1-1)

ባየር ለቨርኩሰን ምስ ሮማ (Agg 2-0)

**ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ዩሮፓያን ኮንፈረንስ ሊግ**

ኦሎምፒያኮስ ምስ ኣስቶን ቪላ (Agg 4-2)

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?




• ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ኣብ ምውዳእ ናይዚ ዓመት ስፖርት ንዓላማኢ ኤሪክ ተን ሃግ ካብ መዘኡ ከተባርሮ ምዃና ይግለጽ ኣሎ። ካብ ባየር መኒኽ ክወጽእ ምዃኑ ዘረጋገጸ ቶማስ ቱኸል፡ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ክመጽእ ድሌት ከም ዘለዎ ክግለጽ ከሎ፡ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ቸልሰን ብራይተንን ግራሃም ፖተር እውን ከም ሕጹይ ኮይኑ ክቐርብ ተኽእሎ ኣሎ። ዩናይትድ ንኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ጋረዝ ሳውዝጌይት ተጣይቐሉ ከም ዘላ ዝሕብሩ ማዕከናት ዜና ከኣ እናበዝሓ ይመጽኣ ኣለዋ። እቲ ሞሪኖ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ክምለስ'ዩ ዝብል ዘረባታት ግን ሰበ ስልጣን ዩናይትድ ኣሉታዊ ምላሽ ሂቦምሉ ኣለው።

• ፖርቱጋላዊ ኣከፋፋሊ ማንቸስተር ሲቲ በርናንዶ ሰልቫ፡ ድሕሪ ምዝዛም ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 መጻኢኡ ከፍልጥ ምዃኑ ሓቢሩ። እዚ ወዲ 29 ዓመት ተጻዋታይ፡ ምስ ስጳኛዊት ባርሰሎና ይዛራረብ ከም ዘሎ'ዩ ዝነገር። ሲቲ ንበርናንዶ ሰልቫ ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ክትሸጦ ምዃና'የም ምስ ኢትሓድ ቅርበት ዘለዎም ወሃብቲ ዘረድኡ።

• ኣርሰናል፡ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ባርሰሎናን ቦሩሽያ ዶርቱሞንድን ንወዲ 18 ዓመት ኣከፋፋሊ ሬክስ ይሓታሉ ከም ዘለዋ ተሓቢሩ። እዚ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ፡ ኣብዚ ዓመት ብዘርኣዮ መሳጢ ብቕዓት'ዩ ኣቓልቦ ናይዞን ዓበይቲ ክለባት ክረክብ ክኢሉ።

• ዌስትሃም ዝመጽእ ክረማት ኣብ ዝኽፈት ማስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ኤውሮጳ፡ ንወዲ 19 ዓመት ብራዚላዊ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ዊሊ ጋሶቫ ንምውናን ዝርርብ ጀሚሩ። እዚ ዋንኡ ኮሪንቲያንስ ዝኾነ ተጻዋታይ፡ ኣብ ዓይኒ ሊቨርፑል'ውን ኣትዩ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕበር።

• እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ፡ ንወዲ 30 ዓመት እንግሊዛዊ ሓላዊ ልዳት ኤቨርተን ጆርዳን ፒክፎርድ ተጣይቓሉ ከም ዘላ ይግለጽ ኣሎ።

• ኒውካስል፡ ንወዲ 25 ዓመት ተኸላኻላይ በርንማውዝ ልሎይድ ኬሊ ንምፍራም ከም ዝተሰማመዐት ተፈሊጡ። እዛ ጋንታ፡ ወዲ 19 ዓመት እንግሊዛዊ ተኸላኻላይ ልዊስ ሆል ብዶርቱሞንድ ይህደን ከም ዘሎ'ውን ኣፍሊጣ ኣላ።

• ቶተንሃም፡ ንወዲ 31 ዓመት ተኸላኻላይ በን ዴቪስ ኣብ ክረማት ንመሸጣ ከም እተውርዶ ኣፍሊጣ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ኣመሪካ ናብ እስራኤል ክትልእኮ ዝሓሰበት ኣጽዋር ደው ኣቢላቶ



ምምሕዳር ጆ ባይደን ናብ እስራኤል ክልእኮ ዝጸንሐ ተተኮስቲ - ዝሓለፈ ሰሙን ደው ከምዝበሎ ኣፍሊጡ።

እቲ ስጉምቲ ግብረ-መልሲ ናይ'ቲ እስራኤል ኣብ ከተማ ራፋሕ ወተሃደራዊ ስርሒት ንምክያድ እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ምኳኑ ድማ ሓደ ላዕለዋይ ብዓልስልጣን እቲ ምምሕዳር ገሊጹ።

ኣብ ጉዳይ ደብዳብ ቓዛ ብዘኽተሎ ዘሎ ፖለሲ፡ ካብ ዜጋታቱ ከይተረፈ ሓያል ተቓውሞን ኩሄን ዘገጥሞ ዘሎ ምምሕዳር ጆ ባይደን እስራኤል ኣብ'ታ 1.5 ሚልዮን ፍልስጤማውያን ኣዕቂባ ዘላ ከተማ ራፋሕ፡ ማጠቓለሊሕ መጥቃዕቲ እንተጀሚራ ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው ክኽሰት ከምዘኽእል ብምግላጽ፡ ነቲ ጉዳይ ከይትውዕሎ ከጠንቅቕ ምጽንሑ ይፍለጥ።

እቲ ምምሕዳር ካብ ዋሺንግተን ናብ ኢየሩሳሌም ዝኸደት ተተኮስቲ ቦምባታት ደው ክብል ምውሳኑ፡ ኣብ ጉዳይ ኩናት ቓዛ ኣብ መንጎኡን ኣብ መንግ ምምሕዳር በንያሚን ኔታንያሁን ዓሚቝ ኣፈላላይ ተፈጢሩ ከምዘሎ ዘመልክት ምኳኑ ተዓዚቢቲ የረድኡ።

ብመሰረት ዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና ዓለም ንላዕለዎት ሰበስልጣን ዋሺንግተን ብምጥቃስ ዝርገሕዎ ሓበሬታ፡ ኣመሪካ ዝሓለፈ ሰሙን ናብ እስራኤል ክትልእኮ ቀሪባቶ ዝነበረት - ነፍሲ-ወከፉ 900 ኪ.ግ ከምኡ ድማ 225 ኪ.ግ ዝኽብደቱ 3500 ቦምባታት፡ ደው ኣቢላቶ ኣላ።

ኣመሪካ፡ ዓመታዊ ዋጋ 3.8 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ሓገዝ ንእስራኤል ከምእትምጥወ፡ ጸብጻብት ይሕብሩ።

## ኢራን፡ ካብ ዩኒቨርሲቲታት ኣመሪካን ኤውሮጳን ንዝተሰጐጉ ተማሃሮ ዕድል ትምህርቲ ትህብ



ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ኢራን፡ ኑዖም ኣብ ዩኒቨርስቲታት ኣመሪካን ኤውሮጳን ተቓውሞ ብምክያድ ካብ መኣዲ-ትምህርቲ ዝተሰጐጉን ናይ ምስጓጉ ሓደጋ ዘንጸላልዎም ዘሎን ደገፍቲ ፍልስጤማውያን ዝኾኑ ተማሃሮ፡ ትምህርቶም ንኽቕጽሉ ዘኽእሎም ናይ ማህደረ-ትምህርቲ ዕድል ይህባኦም ከምዝለዋ ተገሊጹ።

ዛጊት ክልተ ዓበይቲ ዩኒቨርስቲታት ኢራን፡ ኑዖም ካብ ትምህርቲ ዝተሰጐጉ ተመሃሮ ንኽቕበላኦም ምድላዋተን ኣጻፊፈን ከምዝለዋ ድማ፡ መርበብ ሓበሬታ 'ፕረስቲቪ' ጸብጺቡ።

ሰይድ መሓሙድ ኢጋመሪ ዝተባህለ ዲን ናይ ሓንቲ ካብ'ተን ዩኒቨርሲታት ንማዕከናት ዜና ኢራን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "እቶም ኣንጻር ወጽዓ ፍልስጤማውያን ደው ብምባል ንጽዮናውያን ተብዖም ብምቅዋሞም ካብ ትምህርቶም ዝተባረሩ ተማሃሮ፡ ተቐቢልና ከምህሮምን ኩሉ ወጻኢታት ናይ ትምህርቶም፡ መደቀሲኦምን መግቦምን ባዕልና ክንሽፍነሎምን ወሲንና ኣሎና" ክብል ገሊጹ።

ከም ዝፍለጥ፡ ብውሕዱ ኣብ 30 ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያ፡ ካናዳ፡ ፈረንሳ፡ ኢጣልያ፡ ብሪጣንያን ካልኦት ሃገራት ምዕራብን፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተማሃሮ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጀሚሮም ምቁራጽ ተጻብኦ ኣብ ቓዛ ክየበር፡ ከምኡ ድማ እተን ዩኒቨርስቲታት ምስ ደገፍቲ እስራኤል ዝኾና ኩባንያታት ዘለወን ዝምድና ክበትካ - ዝጠልብ ተቓውሞ ከካይዱ ቀንዮም እዮም።

## "ልዕሊ 30% ጸዓት ዓለምና፡ ካብ ተተካኢ ይምንጩ ኣሎ" ጸብጻብ



ብደረጃ ዓለም ካብ ዝፈሪ ዘሎ ጠቕላላ ጸዓት፡ እቲ ልዕሊ 30% ካብ ተተካኢ ይምንጩ ከምዘሎ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ድማ - ኣብ'ዚ ጉዳይ እዚ መሪሕነት ሒዙ ምህላው፡ ሓድሽ መጽናዕታዊ ጸብጻብ ኣመልኪቱ።

ኣብ ጉዳይ ጸዓት ምኽሪ ዝህብ 'ኢምበር' ዝተባህለ ትካል ለምቓካ ኣብ ዝዘርግሖ ጸብጻቡ ኣብ ጸሓያውን ንፋሳውን ጸዓት ዝምዝገብ ዘሎ ግዙፍ ዕብየት፡ ንመጠን ዓለማዊ መፍረ ጸዓት ክብ የብሎ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት፡ ካብ ተተካእቲ ህገራት ዝምንጩ ጸዓት ንመጠን ዕብየት ናይ'ቲ ካብ ኑዩዲን ከሰልን ዝምንጩ ጸዓት ብኣስታት ክልተ ሰሶ ከምዝጕደሎ እውን ሓቢሩ።

እቲ ጸብጻብ ወሲኹ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ጸሓያዊ ጸዓት ብደረጃ ዓለም ቀንዲ ምንጪ ኤለክትሪክ ኰይኑ ከምዝበረን፡ ኣኪታቲሉ ን319 ዓመታት መወዳድርቲ ዘይብሉ ዝለዓለ መጠን ዕብየት ከምዝመዝገበን ገሊጹ።

ብመሰረት እቲ ጸብጻብ፡ ብደረጃ ኣህጉር ሕብረት ኤውሮጳ 44% ካብ ጠቕላላ ዘፍርያ ጸዓት - ምንጪ ተተካኢ ብምኳኑ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ክስራዕ እንከሎ፡ ብደረጃ ሃገራት ድማ ቺለ 20% ካብ እተፍርያ ጸዓት ምንጪ ተተካኢ ብምኳኑ፡ ኣብ ቀዳማይ ተርታ ተቐሚጣ ትርከብ።

ብተወሳኺ፡ ግሪኽ ብ19%፡ ሃንጋሪ ብ18%፡ ኔዘርላንድስ ብ17% - ካብ ካልኣይ ክሳብ ራብዓይ ዘሎ ተርታ ሒዘናኦ ይርከባ።

ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ 2030 ብውሑዱ 72% ካብ ዘፍርያ ጸዓት ምንጪ ተተካኢ ከምዝኸውን ንምግባር ተሊሙ ይሰርሕ ምህላዉ ዝጠቐሰ እቲ ጸብጻብ፡ በዚ ዝኸዶ ዘሎ መንገዲ ነቲ ሸቶ ኣብ ግዚኡ ክወቕዮ ከምዝኽእል እውን ሓቢሩ።

## ሩስያ፡ ወተሃደራት ፈረንሳ ኣብ ዩክሬን ከተጥቅዕ ምኳና ኣጠንቂቓ



ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን - ወተሃደራቱ ናብ ዩክሬን እንተድኣ ልኢኹ፡ ሩስያ ኣካል ዒላማ መጥቃዕታት ክትገብሮም ምኳና ኣጠንቂቓ።

ፕረዚደንት ማክሮን ዝሓለፈ ወርሒ. ለካቲት፡ "ኣብ መጻኢ፡ ኢጋር ሰራዊት ናብ ዩክሬን ኣይክሰኣቱን ኢና ክብል ኣይክእልን እየ" ክብል ሸፈፍታዊ ሓበሬታ ሂቡ ነይሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ሩስያ ኣብ ውግእ ዩክሬን እንተድኣ ተዓዊታ፡ ኤውሮጳ ተኣማንነታ ናብ ባዶ ክወርድ ምኳኑ'ውን ኣጠንቂቑ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ - ማሪያ ዛካሮቫ ትማሊ. ረቡዕ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ "ማክሮን፡ ሩስያ ኣብ ኩናት ዩክሬን ስትራተጂያዊ ምውልዋል ንኸተርኢ ዘገድዳ ኩነታት ናይ ምፍጣር ባህጊ ደሊትን ኣለዎ" ድሕሪ ምባል፡ ሰራዊት ፈረንሳ ኣብቲ ግንባር ኢዱ ክመልስ እንተፈቲኑ፡ ካብ ሓይልታት ሰራዊት ሩስያ ዘኖናሕሲ መጥቃዕቲ ኪገጥሞ ምኳኑ ኣስጠንቂቓትሉ።

ንሳ ወሲኻ፡ ኣብ ኩናት ዩክሬን ካብ ዝቕተሉ ዘለዉ ወጻኢተኛታት ዕጡቓት፡ ሩስያ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ዝኸይድ ቁጽሪ ዜጋታት ፈረንሳ ትርኢ. ከምዘላ ኣገንዚባ።

ሩስያ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ዘውጽኣቶ መግለጺ፡ ነቲ ካብ ፈረንሳ፡ ብሪጣንያን ሕ.መ.ኣመሪካን 'የንጸላልወና ኣሎ' ዝበሎቶ ወተሃደራዊ ስግኣታት ንምብዳህ፡ ብስልታዊ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ዝተሰነየ ወተሃደራዊ ልምምድ ከተካይድ ምኳና ገሊጻ ምንባራ ኣይርሳዕን።

## ጣሊባን ንክሲ ፓኪስታን ይነጽግ

ኣብ ኣፍጋኒስታን ስልጣን ተቖጻጺሩ ዝርከብ ጣሊባን፡ "ኣፍጋናውያን ኣብ ቅትለት መሃንድሳት ቻይና ኢድ ኣለዎም" ክብል መንግስቲ ፓኪስታን ዝቐረቦ ክሲ ነጺጉ።

ጣሊባን ነዚ ክሲ'ዚ ዝጸግ ዘሎ፡ ክልቲኦን ጐረባብቲ ሃገራት ብሰንኪ ዘጋጥመን ዘሎ ተደጋጋሚ ስግረ-ዶባዊ መጥቃዕቲታትን ንሱ ዘኸተሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእን ዝምድናኣን እናሻሓከረ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን እዩ።


ፓኪስታን ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝዘርግሓቶ ሓበሬታ፡ እቲ ዝሓለፈ መጋቢት ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ፓኪስታን ዝተፈጸመን ሓሙሽተ ቻይናውያን መሃንድሳት ዝቐዘፈን ርእሰ-ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ቦምብ፡ ኣብ ኣፍጋኒስታን ከምእተሃንደሰ ኣብ ርእሲ. ምጥቃስ - ፈጻሚ ናይ'ቲ መጥቃዕቲ'ውን ኣፍጋናዊ ምኳኑ ገሊጻ ነይራ።

እንተኾነ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣፍጋኒስታን ትማሊ. ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ ምላሽ፡ ኣፋጋናውያን ኣብቲ መጥቃዕቲ ዝኾነ ይኹን ኢድ ከምዘይብሎም ድሕሪ ምግላጽ፡ "ፓኪስታን በቲ መጥቃዕቲ ንኣፍጋናውያን ትኸስስ ዘላ - ኣቓልቦ ማሕበረሰብ ዓለም ካብ'ቲ ሓቂ ንኽትጥምዝዝ ኢላ እያ። ግና ፈሺሉዋ እዩ" ክብል ነቲ ክሲ ብትሪ ኺጊጉዎ።

ብመሰረት ጸብጻብት ፖሊስ ፓኪስታን፡ እቶም ኣብ ህንጻት ሓጽቢ ተዋፊሮም ዝነበሩ ቻይናውያን መሃንድሳት፡ ብመኪዮን ናብ ቦታ ስርሖም እናተጓዕዙ እንከለው፡ ሓንቲ ቦምባ ዝተጻወደ መኪና ሃንደበት ጠቒና ብምእታው እያ ነቲ ቦምብ ፈንጂራቶ።

ኣብ መሬታ ዝተካየደ ርእሰ-ቅትለታዊ መጥቃዕቲታት ቦምብ - ሙብዝሕትኡ ብዜጋታት ኣፍጋኒስታን ከምዝፍጸም እትገልጽ ፓኪስታን፡ ኣዕቂባቶም ዝጸንሐት ኣስታት 370 ሽሕ ኣፍጋናውያን ስደተኛታት፡ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ሃገሮም ከምዝበረረቶም ይዝከር።

ኣብ ፓኪስታን ናይ 65 ቢልዮን ዶላር ወፍሪ ተካይድ ምህላዋ ዝንገረላ ቻይና፡ ልዕሊ 29,000 ዝኾኑ ዜጋታታ - ኣብ'ታ ሃገር ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ስራሕ ጽላታት ተዋፊሮም ከምዝርከቡ፡ ጸብጻብት የረድኡ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቅሳነት | 09/05/2024 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻውል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565